ንእብነት:

- ሰለምንታይ ካብ ሃገርካ ክትወጽእ ኪኢልካ :
- እንታይ ኣጋጢሙካ እዩ ክሳብ ኣብዚ ዘብጻሓካ:
- ኩነታት ናይቲ ሃገር ከ ከመይ ገዲፍካዮ:
- እንተተመለስካ ከ እንታይ እዮም እቶም ዘስግእኳ:

ነዚኦም ቡጉቡእ ክተብርሆም ክትክእል ኣለካ ምክንያቱ ኣህጉራዊ ዑቁባ ቀሊል ሰለ ዝይኮነ ኣብ ኩነታት ሃገርካ እዩ ዝምርኮስ::

ሰለምንታይ ኣብ ሃገርካ ክንክንን ሓለዋን ዘይረከብካ ?

ኣብዚ ኣጻቢቅካ ክትገልጾን ክትድህስሶን ዝግባእካ ነገር ኣሎ ንሱ ድማ ሰለምንታይ ኣብ ሃገርካ ሓለዋን ክንክንን ክትረክብ ዘይካኣልካ ንእብነት ካብ ፖለስን ሰበስልጣን ሓለዋ ክትረክብ ኣይካልካን: እቲ ኮሚሽን ብዛዕባዚ ውን ክፈልጥ እደሊ እዩ::

እቲ ሕቶታት ናይቲ ኮሚሽነር እንተ ዘይተረዲኡካ ክደግመልካ ሕቶ : ኩሉ ዝተባህለ ናይ ምርዳእ መሰልካ ዝተሓለወ እዩ::

እቲ ቃል መጠይቅ ምስ ተዛዘመ ብመልክዕ ጸብጻብ ብጹሑፍ ክዋሃበካ እዩ: ቅድሚ ምፍራምካ ደጊምካ ኣጻቢቅካ ኣንቡቦ ኣብዚ ዝጎደለ ወይ ዘይበልካዮ ነጥቢ እንተረኪብካ መብሪሂ ክትሓትትን ክተጉድልን ክትዉስክን መሰልካ እዩ::



ቃል መጠይቅ ዝገብረልካ ሰብ :ሓደ ኣባል ኮሚሽን ኮይኑ:
ንኩሎም ምክንያት ስደትካ ዝኮኑ ሽግራት ብጉቡእ ካባካ ይስምዕ:
ኣቶርጓሚ: ብቛንቛካ ወይ ብእትርድኦ ቛንቛ ምስ ካልኦት ንክትዛረብ ዝሕግዝ ሰብ እዩ:
ኣብ ግዜ ቃል መጠይቅ: ኣገዳስነት እንተለዎ ባዓል ምያ ወይ ዝምልኮቶ ኣካል ክስተፍ ይክእል እዩ:
ዉሳኔ ኣብ ምሃብ ግንግደ የቡሉን::

## እቲ ኮሚሽን ዘባዊ ስልጣን ናይ መወዳእታ ውሳኔ ከመይ ይህብ?

ኮሚሽን ዝህቦ ዉሳኔ: ዝተፋላለየ ደረጃታት ናይ ኣህጉራዊ ዑቁባ ኮይኑ ኣብቲ ዘቅረብካዮ ምክንያት ሕቶ ዑቁባ ዘለዎ ክብደት እዩ ዝምርኮስ::

ኮሚሽን ዘቅረብካዮ ሕቶ ቡቁዕን ዘዕግብን ኮይኑ እንተዘይ ረኪብዎ ምሉእ ብምሉእ ክነጽጎ ይክእል እዩ:: እንተተነጺግካ ኣይትሸገር ምስ ኣሳይካ: ናይ ሕጊ ሰራሕተኛ ብሓንሳብ ብምርኣይ ኣንጻር እቲ ዉሳኔ ኣብ ቤት ፍርዲ እግባይ ክትብል ትክእል ኢካ::

ኣብ ኩሉ ንዓካ ዝምልከት ውሳኔታት : ብቋንቋካ ተጠቂምካ ምስታፍን ሓበሬታ ምርካብን መሰል ኣሎካ::

## 4. ሓገዝን መወከስን:

ኣብዚ ቦታ መሰላትካ ብዘይ ምክባሮም ዝስማዓካ ጉዳይ እንተሎ ብዘይ ፍርሒ ምስ ሰራሕተኛ ናይዚ ማእከል ወይ ውን ምስ ከም ኣላይካ እትሓስቦ ዓቢ ሰብ ክትዛረብ ትክእል ኢካ::

**SAVE THE CHILDREN**
ድሕነት ህጻናት ናይ ጥልያን ፧ ዑቁባ ንትሕቲ ዕድመ ስደተኛታት - +39 392 9814506

ቁጽሪ ስልኪ ናይ ኣላይካ ኣብዚ ጸሓፎ: ____________________
ቁጽሪ ስልኪ ናይ ዓቅሚ ኣዳም ዝበጽሐ ሰብ ከም መወከሲ ዝገልግለካ ኣብዚ ጸሓፎ:
______________________________

UNHCR
The UN Refugee Agency

This project has been funded with support from the European Commission. This publication reflects the views only of the author, and the European Commission cannot be held responsible for any use which may be made of the information contained therein.

MINISTERO DELL'INTERNO
Co-funded by the European Union

መምርሒ ንኣለይቲ ዘይብሎም ኣህጉራዊ ዑቁባ ዝሓቱ ትሕቲ ዕድመ ኣብ ኢጣልያ:

# ኣህጉራዊ ዕቁባ እንታይ ማለት እዩ ንኣለይቲ ዘይብሎም ወጻእተኛታት ትሕቲ ዕድመ ከ ከመይ ይሰርሕ ?

## 1. እዚ መምርሒ ጹሑፍ ዚ እንታይ ይገልጽ?

እዚ መምርሒ እዚ ንኣለይቲ ዘይብሎም ትሕቲ ዕድመ ወጻእተኛታት ዝምልከት ፍሉይን ኣገዳስን ሓበሬታ ዝሓዘ እዩ: ንሱ ድማ ንመስርሕን ኣጋባብን ዑቁባ ምሕታት ዝምልከት ኮይኑ:
ሕቶ ምቅራብ ንኣህጉራዊ ዑቁባ እዩ::

እዚ ዑቁባ ዚ ንኩሎም ትሕቲ ዕድመ ኣብ ኢጣልያ ዝምልከት ኣይኮነን ምክንያቱ ኩሎም ትሕቲ ዕድመ ምኺኖም ጥራይ መሰል ዑቁባን ክንክንን ኣለዎም: እዚ ማለት ግን ትሕቲ ዕድመ ኮይኑ ኣብ ትውልዲ ሃገሩ ንምምላስ ስግኣት ክስዕበሉ ዝክእሉ ኩነታት እንተሊዩ ምስ ዝተመደበሉ ኣላይ ብምምኽካር ምርድዳእን ኣብ ገዛእ ድሌቱ ሙሩኩስ ብምግባር ኣህጉራዊ ዑቁባ ክሓትት ይክእል እዩ::
ኣብ ኢጣልያ ከም ወላዲ ኮይኑ ክኣልየካ/ኪ ዝክእል ሰብ ምርካብ መስል ኣሎ: እዚ ማለት ሓደ ዓቅሚ ኣዳም ዝበጽሐ ሰብ ኮይኑ ኣብ ኢጣልያ ኩሎም ንህላወካ ዝምልከቱ ጉዳያት ኣብ ምስላጥ ክስንየካን ክሕግዘካ እዩ።
ክሕጉዙካ ዝክእሉ ኣገደስቲ ባኢታታት መን እዮም?

ኣብ ኢጣልያ ኣብ ትጸንሓሉ እዋን ዕድሜካ ክሳብ 18 ዓመት ዝእክል ኣብ ኩሎም ዝድሉዩካ ጉዳያት ንምስላጥ ዝሕግዘካ ሰብ ኣሎ እዚ ድማ ወለድካ ምሳካ ኣብዘይቡሉ እዋን ዝምደበልካ ዓቅሚ ኣዳም ዝበጽሐ ሰብ ኮይኑ ኣላይ ወይ ኣሰናይ ይብሃል::

እዚ ሰብ ዚ ንኩሎም ዝድሉይካ ነገራት ማለት ን ዕቁባ ዝምልከት: ምስ ካልኦት ትካላትን ኣገደስቲ ሰባትን ንምርካብን ምዝርራብን ንመስርሕ ምምሕዳራዊ ጉዳያት ንምፍላጥን ኣብ እትድልየሉ እዋን ዘድሊ ሓገዛት ክግብረልካ እዩ::

ኣብ ኢጣልያ ንኩሎም ዝድልዩካ ጉዳያት ንምስላጥ ሓላፍነት ወሲዱ ዝሕግዘካ ምርካብ መሰል ኣሎካ::



ኣብ ኢጣልያ ምስ ኣተካ ብግዜውነት እትጸንሓሉ ማእከል ኣሎ ነዚ ማእከል ዚ ንምምሕዳር ሕጋዊ ውክልና ዘለዎ ሰብ ድማ ኣሎ: እዚ ሰብ ዚ ንኩሉ ንጥፈታት ናይቲ ማእከል ይመርሕን የዋሃህድን ማለት ንሰራሕተኛታት ናይቲ ማእክልን ነቶም ከማካ ዘአመሰሉ ትሕቲ ዕድመ ኣብቲ ማእከል ዘለዉ ይካናኸንን ይናብን እዚ ስራሕ ዚ ድማ ክሳብ ሕጋዊ ኣላይ ዝግበረልካ ይቅጽል::

## 2. ኣህጉራዊ ዑቁባ ምሕታት እንታይ ማለት እዩ?

ኣብ ትዉልዲ ሃገርካ እንተተመሊስካ ብዝኮነ ምክንያት ንሂወትካ ስግኣት ዝኮኑ ጉዳያት እንተለዉካ ኣብ ኢጣልያ ዑቁባ ምሕታት መሰል ኣሎካ::

ኣብቲ ትነብረሉ ዘለካ ማእከል ዝርከቡ ኣገደስቲ ሰባት መን እዮም?

ኣብዚ ማእከልዚ ዝተፋላለዩ ሰብ ሞያ:ማለት ሕጋዊ ምክሪ ንምርካብ: ጥዕናዊ ሓገዛት ዝህቡ ሓካይም ምርካብ: ከምኡ ዉን ሞራላውን ስነ ኣእምራውን ኪኢላታት ምርካብ ኣብ ድሌትካ ዝተመርከሰ ምስናይን ምሕብሓብን ክግብሩልካ እዮም::

ኣብቲ ማእከል ከም ኣተርጓሚ ኮይኑ ዝሰርሕ ሰብ ኣሎ: እዚ ሰብዚ ምሳካ ብቛንቛ ኣዴካ ክዛራረብ ይክእል እዩ: ኣብ ሞንጎካን ካልኦት ኣገደስቲ ሰባትን ርክብ ንምግባር ዝሰርሕ ሰብ እዩ::
ኣብ ገለ እዋን ኣላይካ ውን ንኣገደስቲ ሕቶታካ ንምምላስ ምሳካ ብምርድዳእ ዕላዊ ኣፍኛ ናትካ ክከውን ይክእል እዩ::

ኣብ ትዉልዲ ሃገርካ እንተተመሊስካ ንሂወትካ ዘሰግእ ኩነታት ኪጋጥመኒ ይክእል እዩ ትብል እንተኮንካ ኣብቲ ዘለካዮ ቦታ ምስ ዝርከቡ ዝምልከቶም ኣካላት ናይ ሕጋዊ ሓበሬታ ብምዝርራብ ኣህጉራዊ ዑቁባ ንምሕታት እንታይ ከም ዝግበር ኡኩል ሓበሬታ ክትረክብ ኢካ: ቅድሚ ናይ ዑቁባ ምሕታት ምዉሳንካ ምስኦቶም ብምዝርራብ ቡዙሕ ጠቃሚ ሓበሬታ ክትረክብ ትክእል ኢካ::

